# ጸሎት
# ናብ መንፈስ ቅዱስ

ከምቲ ኣብ ልዕሊ ኣርድእትኻን ንጹሓን ሓዋርያትካን መንፈስ ቅዱስ ዘውረድካ፡
ከምኡ ነቲ ቀዳሲ ነፍስናን ሥጋናን መንፈስናን ዝኾነ ቅዱስ መንፈስካ፡
ኣብ ሎዕሌና ክትወርደልና ንልምነካ ኣሎና።

ብኡኡ ጌርካ ካብ ኵሉ ሓጥያትና ንጹሓን ምእንቲ ክንከውን፡
መለኮታዊ ምሥጢርካ ንምቕባል ብቑዓት ግበረና።
ከመይ መንግሥትን ኃይልን ምስጋናን ንዘለዓለም ናትካ ኢዩ።

ምስ ቅዱሳን ኣበውን ሓዋሪያትካን ዝኣቶኻዮ ኪዳን፡ ዘኪርካ
ነቲ ዓለም ኪጾሮ ዘይክእል ቅዱስ መንፈስካ
ኣብ ልዕለና ከተውርደልና፡

"ኣቦና ኣብ ሰማይ እትነብር፡
ስምካ ይቀደስ፡ መንግሥትኻ ትምጻእ"
እናበልና ክንጽዋዓካ ምሂርካና ኢኻ።

እዚ ዘይምርመርን ጉድለት ዘይብሉን መንፈስ ቅዱስ
ካብ ላዕሊ ካብ ሰማየ ሰማያት መጺኡ
ንሕዝብኻ ይባርኽ፡ ንመርዓትካ ቤተክርስትያን ይቀድሳ።

ንኣይ ሓጥእ ኣባል ቅዱስ ማኅበርካ ድማ
ካብ ውሽጠይ ዚፍልፍል
ምንጪ ሕይወት ይግበረኒ። ኣሜን

ካብ <u>መጽሓፈ ቅዳሴ</u> ኣሥመራ, 2001 *ኣከሎቴተ ቍርባን ዘቅ. ዮሓንስ ኣፈወርቅ*
ገጽ 163፡ ምስ ንኡስ ለውጢ።

